A Royal Women's Hospital
**Well Women's Publication**

Women's Health Matters

ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ግንቦት/MAY 2002

# ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ተኽሊ ቀመማት ዝተዳለወ ነገር

ንብዙሕ ምእቲ ዓመታት ኣብ ብዙሕ ሃገራት ናይ ቀመማት ፈውሲ ንብዙሕ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከጠቅም ፀኒሑ እዩ። ኣብ ኣውስትራሊያ ብምግቢ ጥራሕ ዝፍውሱ፣ ሃደገኛ ፈውሲ ብውሕድ ብምሃብ ዝፍውሱ፣ ብእጸዋት ዝፍውሱን ካልኦት ናይ ሓለዋ ጥዕና ሰብ ሞያታት ንዝሓመሙ ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲ ይእዝዙሎም እዮም።

እዚ ጥራዝ ወረቐቲ ንመምርሒ ከሕግዝ ጥራይ ዝወጸን ብዛዕባ እዋናዊ ዝኾኑ ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲታትን ዘለዎም ሳዕቤን መረዳእታ ይህብ እዩ።

ብጥንሲ እዋን ጡብ ከተጥባ እንከለኽን እሞ ሓሚምክን ዝኾነ ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲ ንምውሳድ ምኽሪ የድልየከን እዩ።

ናይ ሮያል ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳል ናይ ሓደገኛ እጸ/ድራግ መረዳእታ ማእከል ኣብ ጥንሲ እዋንን ጡብ ከተጥባ እንከለኽን ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲ ንምውሳድ ናይ መረዳእታ ብፅሑፍ/ዶኩሜንት ስለዘይብሉ ከትጥቀማ ኣይመኽርን እዩ። ጥንሲቲ ኮይንክን ወይድማ ጡብ ከተጥባ እንነሃለኽን ካብ ተኽሊ ዝተቀመመ ፈውሲ ከትወስዳ እንተኾይንክን ከመይ ከምዝዳሎ፣ ዝግበሮ ጥንቃቐ ካብቲ ዝኣዘዘ ሰብ ምሕታት ኣድላይ እዩ።

ኣብ ቐዳማይ ሰለስተ ወርሒ ውሽጢ ዘሎ ጥንሲ ብዝተኻኣለ መጠን ካብ ተኽሊ ዝተቀመመ ፈውሲ ከትወስዳ የብልክንን። ይኹን እምበር ሓደ ሓደ ናይ ቀመማት ፈውሲ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ወርሒ ጥንሲ ክውሰድ ይኻኣል ይኸውን። ብዝበለፀ ንዝኣዘዘልክን ባዓልሞያ ምኽሪ ምሕታት እዩ።

## ከትጥንቀቓሉ ዘለኽን ምኽንያት

- ኣብ ጥንስን ጡብ ከተጥባ እንከለክን ዝውሰድ መብዛሕትኡ ናይ ተኽሊ ቀመምን ናይ ሓደገኛ መድሃኒት ደህነቶም ብምርመራ ኣይተረጋገጸን።
- ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲታት ኩልግዘ ንምግዛእ ከባርን መብዛሕትኡ ውጽዒቱ ብሳይንስ ኣይተረጋገጸን
- ንጽቡቅ ኣመጋግባ፣ እኹል ምንቅስቓስን እኹል ድቃስ ዝኾነ ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲታት ኣይትክኦምን እዩ
- ሓኪምክን ንዝኣዘዘልክን ፈውስታት ብናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲታት ዝትኽኡ ምኳኑ ዘረጋግጽ ነገር የለን

**ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ግንቦት/MAY 2002**

**ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ተኽሊ ቀመማት ዝተዳለወ ነገር**

## መዓስን እንታይን ከምዝኽልከል

ኣብ ቀዳማይ 12 ሰሙናት ውሽጢን ኣብ መወዳእታ 12 ሰሙን ዘሎ ጥንሲ ኩሉ ናይ ተኽሊ ቀመማት ፈውሲ ክኽልከል ኣለዎ።

- ናይ ጥንሲ ምውራድ ፍርሓትን ናይ ቅድሚ ሕዚ ታሪክ እንተሃሊዩ
- ንምጥናስ ፀገም ቅድሚ ሕዚ ታሪክ እንተሃሊዩ
- ኣብ ከብዲ ውሽጢ ዝኾነ ቃንዛ እንተሃሊዩ
- ኣብ ትሕቲ ዝባን/ሕቈ ዝኾነ ቃንዛ እንተሃሊዩ

## ከምኡውን ጠጠው ምግባር ዘለክን

- መለስለሲ መዓናጡ ተኽሊ ቀመማት
- ንማህጸን ዘባራትዑ ተኽሊ ቀመማት
- ናይ ወርሓዊ ጽግያት ዘተባብዑ ተኽሊ ቀመማት

ከትወስድኦ ዘይብልክን ናይ ተኽሊ ቀመማት ዝርዝር ብዙሓት እዮም። እቶም ቁሩብ ኣብነታት በዚ ዝስዕብ ይኸውን፤

| | | |
|---|---|---|
| Pennyroyal | Mugwort | Bryonia |
| Angelica | Sage (በብዝሕ መጠን) | Golden Seal |
| Senna | Origanum Oil | Male fern |
| Feverfew | Mistletoe | Parsley in medicinal dosage /ፐርሶሜል ንፈውሲ ዝኸውን እቅን |
| Liquorice/መስርሒ ፈውሲ (ኣብዝኾነ ጉዳይ) | Kelp | Rue/ጨና ኣዳም |
| Kombucha tea/ሻሂ | Juniper/ጽሕዲ | Southerwood |
| Dong Quai | Aloes/ዕሬ | Autumn crocus |
| Gingko Biloba | Blue or black cohosh | Wormwood |
| Nutmeg /ኮረሪማ (በብዝሕ መጠን) | Irish Moss/ኣብ እምኒ ዚበቚል | Buckthorn |
| Echinacea | Tansy | Roe/እንቋቑሖ ዓሳ |
| Broom | Thuja | Peppermint/ሚንታ (በብዝሕ መጠን) |
| Mandrake | Barberry | Blackroot |

## ካብ ቫይታሚንን ማዕድንን ምርሓቕ

ቫይታሚን A [ናይ ውሽጢ ዓይኒ ብርሃን ዘመሓላልፍ]
ቫይታሚን C [ኣብ መዓልቲ 1000ሚሊ ግራም ንላዕሊ መጠን]

**ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ግንቦት/MAY 2002**

**ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ተኽሊ ቀመማት ዝተዳለወ ነገር**

**ካብ ቀመማት ዝተዳለወ መድሃኒት ቅድሚ ምውሳድክን ብናይ መግቢ ጥራሕ ፈውሲን ናይ ሓደገኛ ፈውሲ ንምውሳድ ምኽሪ ዝህቡ ሰብ ሞያ ወይካዓ ንተኽሊ ቀመማት ፈውሲ ሰብ ሞያ ኣዛርባ።**

**ናይ ሮያል ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳለ ናይ ሓደገኛ እጸ መረዳእታ ማእከል**
**ሰዓታት፡** 9am ንግሆ ክሳብ 5pm ድሕሪ ቐትሪ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ
**ስልኪ፡** [03] 9344 2277
**ኢሜል/Email**: rwhdrug@cryptic.rch.unimelb.edu.au
**ድሕሪ ሥራሕ ሰዓት፡** መልእኽቲ ምግዳፍ
**ፋክሲ፡** [03] 9349 2756